# ውሽጣዊ ሃገራዊ ሰላም ዝዘረገ ሓይሊ፥ ዞባዊ ርግኣት ኣብ ምምጻእ ኣወንታዊ ታሪኽ ክጻወት ኣይክእልን

## ካልኣይ ክፋል

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ፡ እቲ ኣብ ሃገሩን ኣብ ህዝቡን ቅኑዕን ሓላፍነታውን ኣተሓሓዛ ዘይብሉ ስርዓት፡ "ዝብእስ ኣብ ዘይፈልጥዎ ዓዲ ከይዱ ማእሲ ኣንጽፉለይ በለ" ከም ዝበሃል ዶብ ሰጊሩ ብካልኦት ዝቐንዞ እንተመሰለን ኣካል ኣምሳል ዞባዊ ልፍንቲ ኮይኑ ክኸይድ'የ ኢሉ እንተተመጻደቐን ዘገርም ኣይከውንን። ምኽንያቱ ንሱ ምድንጋርን ሓሶትን ኣመሉ ስለዝኾነ። እንተቶም ምስኡ ተላፊና ዞባዊ ፖለቲካዊ ጸጥታዊ ርግኣትን ቁጠባዊ ዕቤትን ከነምጽእ ንኽእል ኢና ኢሎም ዝሓስቡ ወገናት ግን፡ እንታይ ይብሉን ምስ ከመይ ዝበለ ባህርን ተግባርን ይላፍኑ ከም ዘለውን ብግቡእ ዘይተረድእዎ ከይኮኑ ምኽሪ ምልጋስ ሕማቕ ኣይኮነን ኣብ ዝብል ኢና በጺሕና ነይርና ካልኣይ ክፋሉ ድማ እነሆ፡

ሰናይ ምሕሳብ ሰናይ'ዩ። ውሽጣዊ ዘቤታዊ ጸገምካ ፈቲሕካ፡ ብዞባዊ ጉዳያት ምግዳስ'ውን ቅቡል'ዩ። ዘይሰናይን ዘይቅቡልን ግን ልሳንን ባህርን በበይኑ ክኸውን እንከሎ'ዩ። ቃል ምስ ተግባር ምቅዳው ስኢኑ ሕድሕዱ እናተላተመ ክኸይድ እንከሎ'ዩ። እቲ ሓደ ፍጹም ሃገራዊ ሰላም ዘሪጉ፡ ኣብ መንጎ ዜጋታት ዝነበረ ሕድሕድ ምትእምማን ብከፋፊልካ ግዛእ ድሑር ስምዒታት በኪሉ፡ ብድኽነት ርእሶም ከድንኑን ጌሩ፡ ራዕዲ ኣንጊሱ፡ ብዛዕባ ዞባዊ ውህደት ምድማርን ምቕናስ ክዝምር፡ እቲ ካልእ ድማ ኣብ ተነጻጻር ዘቤታዊ ፖለቲካውን ቁጠባን ደሓን ኮይኑ፡ ብፖለቲካዊ ባህርን ፖሊሲን ዘይራኸቡ ክንሶም፡ ካብ ተሳትፎን ኣፍልጦን ህዝብን ሕጋዊ መስርሕን ወጻኢ፡ ሓደ ኮይና ክስበኽ እንከሎ'ዩ።

እዚ ከም'ዚ ዓይነት ስብከትን ኣካይዳን ኣብ ህዝብታት እዚ ዞባ፡ ካብ ምትእምማን ዝያዳ እንታይ'ዩ ዝበሃልን ዝግበርን ዘሎ ኣግራሞት፡ ስኽፍታን ሻቅሎት'ዩ ዝፈጥር። እምበር'ዶ ተሃዋስነት ናይ'ዚ ዞባ፡ ዕላማ ናይ'ቶም ካብ ርሑቕ መሓኒት ናይ'ዚ ዞባ ኢሎም ፖሊሲ ዝቕይሱ፡ ተደናገጽቲ ዝተሸገር ህዝቢ መሲሎም፡ ክንዲ'ዚ ንኽምዚ እናበሉ፡ ብተዘዋዋሪ ንእሙናት መጋበርያታቶም ሚሊዮናት ዶላራት ዘሕቁፉ፤ ታሪኽን ተመክሮን ሓምሳታት፣ መድረኽ ዝሑል ኲናት ዝመስል፡ መን ዓለማዊ ዞባዊ ፖለቲካዊ ቁጠባውን ጸጥታውን ልዕልና ኣረጋገጸን ዝካየድ ዘሎ መንፈስ ሓባራውነት ዝረሓቐ ቅድድም ማራቶን ዝመስል ውድድር፣ ናይ ርሑቕ ሸቶኡን መጻኢ ዕድል ናይ ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ብሓላፍነት ይሪኡን ተልእኾኦም ብግቡእ ይርድኡን'ዮም ዝብል ሕቶ ከተልዕል ዝድርኽ'ዩ።

ዞባዊ ሰላም ኮነ ማሕበረ ቁጠባዊ ውህደት፡ መሰረቱ ነብስ ወከፍ ሃገራት ኣብ ውሽጠን ዝኽተላኦ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ጸጥታዊ፣ ዝምድናታት ወጻኢ ዝምልከት ፖሊሲ ብውሕዱ ዘመሳስል ባህሪ እንተለዎ'ዩ። ብሕጊ ኣብ ስልጣን ዝደየቡ፡ ብሕጊ ዝሰርሑ መንግስታት ኣብዘለውሉ፡ ካብ ጸቢብ ሕሳባትን ግዝያዊ ነገራዊ መኽሰባትን ሓራ ኮይኖም፡ ናይ ህዝብታቶም ረብሓ ኣርሒቖም ናይ ምርኣይ ሓላፍነታዊ ልቦና ዘለዎም መራሕቲ ኣብ ዝመጽእሉ መድረኽ'ዩ ከምኡ ዓይነት ክሕሰብ ዝከኣል። ሕጂ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ኣብ ዞባና ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንዕዘቦ ዘለና ናይ ሓደ ኢና፡ ቁጠባዊ ውህደት ክንፈጥር ኢና መቃልሕ ግን ቀዲሙ ክግበር ዝነበሮ መሰረታዊ ዛዕባታት ዝሰገረ ንምኻኑ ዘከራኽር ኣይኮነን።

ንዕስራን ልዕሊኡን ዓመታት ተባኢስና ኢሎም ዶባቶም ዓጽዮም ገለ ግዜ ኣብ ውግእ ኣትዮም ሓደ ኣብ ልዕሊ'ቲ ካልእ ናይ ተዓዊተ ዜና ሓጎስ ዘስምዕሉ፡ ዝበዝሐ ግዜ ኸኣ ክብሪ ናይ ህዝብታት ብዝትንክፍ ሓላፍነት ዝጎደሎ ሕሱር ጎስጓሳት ከካይዱ፡ ገለ ድማ ጉዳዮም ኣብ ሕጊ በጺሑ፡ ውሳነ ቤት ፍርዲ ይተግበረልና፡ ንሱ ስለ ዘይተተግበረ ማሕበረ ቁጠባዊ ምዕባሌና ተሓኒቑ ተኾሊፉ እናበሉ ህዝቦም ከደናግሩ ጸኒሖም ክንሶም፡ ነቲ ንህዝቦም ክብልዎ ዝጸንሑ ሰጊሮም፡ ኣብ መንጎኦም ዝነበረ ናይ ዓይኒን ሓመድን ዝምድና፡ ከመ ቅጽበትን ናብ ስኒን ከንፈርን ቀይሮሞ። እቲ ተጻሊእና ዝበልናኩም ገዲፍናዮ ኣለና፡ ሓባራዊ ራእይ ኣጥሪና ኣለና። ተኣምር ክንፈጥር ኢና። ዘዕንቅፈና ከኣ ወይልኡ ብሓባር ክንድዕኮ ኢና። ስለዚ ኩነታት ተቐይሩ'ዩ። ዘይሰማዕካ ስማዕ ዘየረኣኻ ረአ። ኣብ መርከብና ተሳፈር ድሕሪት ተረፍካ ከይትጠዓስ ዓይነት፡ ብጸያቒቶ ማይ ሻቕሎት ዝሓደሮ ሓረስታይ ዝመስል ትንፋስ ዘይህብ ዘብዘብ ንዕዘብ ኣለና። እቲ ሓቢርና ክንሰርሕ ኢና ዝብል ቃል ጥዑም። ነቲ ቃል ናብ ተግባር ንምቕያር ዘኽእል ፖለቲካዊ ባይታን ሕጋዊ ኣካይዳን ኣሎ'ዶ እንተተባሂሉ ግን መልሱ ኣይፋል'ዩ ዝኸውን።

ካብ መወዳእታ ናይ ወርሒ ሰነ 2018 ጀሚሩ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝረአ ዘሎ ፖለቲካዊ ምቅይያራት፡ ምልክት ሓሲብካ ዝተኣትወ ዕርቂ ዘይኮነ፡ ተገዲድካ ትውሕጦ መድሓኒት'ዩ ዝመስል። እቲ ሱር ሰዲዱ ዝጸንሐ ጽልእን ሕጂ ብተብተብ ፈጢርናዮ ዝበሃል ዘሎ ዝምድናን ብምንጽጻር ክምዘን እንክሎ፡ ከመይ? እንታይ ስለዝተረኸበ? መን ስለዝኣዘዘ? ቅንዕናኡ'ኸ? ኣንፈቱ'ኸ? ንመን ጠቒሙ'ኸ ንመን ይጎድእ? ስልጣንን ግደ ናይ'ቶም ህዝብታት ከ? ....ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ከተልዕል ይዕድመካ። ኣብ መንጎ ህዝብታት ኣብ ምትእምማን ዝተሰረተ ዝምድና ክፍጠር፡ ሓቢርካን ተኸባቢርካ ናይ ምንባር ባህሊ መነቓቕሒ ጎስጓሳት ክትገብር ሓላል'ዩ። ክተባብዕ ዘለዎ ድማ'ዩ። ኣብ መንጎኻ ከብድን ሕቖን ዝኾነ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ፡ ሕጋዊ ትካላዊ ኣሰራርሓ፡ ፖሊሲታትን  ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን እናሃለወ፡ ንምጽባቡ ዝኾነ ተበግሶ ከይተወሰደ፡ ዱብ ቦላ ዓይነት መግለጺ ሓደ ኮይና "እንተዘይተለቂሕክናኦስ ጥዑም ኸሮ" 'ዩ ነገሩ። ከም ዘረባ ጥዑም ኣብ ሕጋውን ህዝባውን ደገፈታኡ ግን ሃንደራእ ኢልካ ክትቅበሎ የጸግም።

ኣብ ኤርትራ ዘሎ መንግስታዊ ጉጅለ፡ ዝመርሓሉን ዝምረሓሉ ሕገ-መንግስታዊ ሰነድ የብሉን። ኣብ ኢትዮጵያን ሶማሊያን ግን ሕገ መንግስቲ ጥራሕ ዘይኮነ ሃገራውን ኣድማሳዊ ቻርተርን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣብ ግምት ዘእተወ ደሞክራስያዊ ሕገ-መንግስቲ ብተግባር ህዝቢ ይግልገለሉ ኣሎ። መንግስታዊ ጉጅለ ኤርትራ ቅርጻ መንግስቱ እንኮ ሰባዊ ኣሃዳዊ'ዩ። መንግስታዊ ቅርጻ ሃገራት ኢትዮጵያን ሶማልን ከኣ፡ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ቅርጻ መንግስቲ'ዩ። ኣብ ኤርትራ ብሕጋውን ደሞክራስያውን ኣገባብ፡ ዝተመርጸ መንግስቲ የለን። ኣብ ኢትዮጵያን ሶማሊያን ግን ሃገራዊ ቅዋሞም ብዝፈቐዶ መሰረት ዝቖሙ መንግስታት ኣለው። ኣብ ኤርትራ ዜጋታት ብዘይ ጭቡጥ  ናይ ጥፍኣት ምኽንያት ይእሰሩ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣበይ ተኣሲሮም ኣለው፡ ብህይወት ኣለው'ዶ የለውን ብቤተሰቦም ኮነ ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀልን ካልኦት ዝምልከቶም ትካላትን ኣካላትን ኣይብጽሑን። ኣብ ቤት ፍርዲ ኣይቐርቡን። ነጻ መራኸቢ ብዙሓን የለን። ንነጋዶን ኣውፈርትን ዝዕድም ፖሊሲ የለን። ናይ ብሕቲ ትካላት ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ትካላት ህንጻ የለን። ኣብ ኢትዮጵያን ሰማሊያ ግን ኣሎ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ቁጠባ እተን ሃገራት ርኡይ ተራ ዘለዎ'ዩ። ኣብ ኤርትራ ናይ ሃይማኖት ነጻነት የለን። ኣብ'ዘን ዝተጠቐሳ ሃገራት ግን ሕገ መንግስታዊ ኣፍልጦን ነጻነት ዘለዎ ትካላት ኣሎ። ዜጋታት ኤርትራ ኣይኮነን ወጻኢ ካብ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም'ውን ካብን ናብ ናይ ምንቅስቓስ ነጻነት የብሎምን። ኣብ ኢትዮጵያን ሶማሊያን ግን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገሮም ጥራሕ ዘይኮነ፡ ናብ ዝደለይዎ ኩርነዓት ዓለም ክኸዱን ክምለሱን ብሕግን ብተግባርን ፍቑድ'ዩ።

እዚ መሰረታውን ታክቲካውን ፍልልያት'ዚ ዝፍተሓሉ ወይ ዝጸበሉ ኩነታት ከይፈጠርካ ብሓደ ክንሰርሕ ሓደ ኮይና ኣለና ምባል ግን፡ ካብ ምባል ሓሊፉ ርሑቕ ከሰጉም ከምዘይኽእል ንምርዳእ ኣየጸግምን። ባዕሉ ዝፈጠሮ ኣብ ቤቱ ዘሎ ጸገም ዘይፈትሐ መንግስታዊ ጉጅለ፡ ንክልተኣውን ዞባውን ሰላም ክንሰርሕ ኢና፡ ብሰንኪ መንዶ መንዶ ዝኸሰርናዮ ዕድላት ሕጂ ክንሰርሓሉን ከነኪሓሕሶን ኢና ማለት " ክልተ ጎረሓት ሓሞኹሽቲ ስንቆም" ዓይነት ጸወታ እንተዘይሃልይዎ እቲ ፍልልይ ሕጂ ማይን ዘይትን'ዩ። ኣብ'ቲ ዝመርሖ ዘሎ ህዝቢ ተገዳስነት ዘይብሉ ፖለቲካዊ ሓይሊ፡ ካብ ሃገሩ ወጻእን ምስ ካልኦት ኣካላትን ተሰማሚዑን ተሳኒዩን ንህዝብታት ዝጠቅም ምስጉን ስራሕ ክሰርሕ ፖለቲካዊ እንዶ ዘለዎ ሰብ ዝቕበሎ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሓደ ፖለቲካዊ ሓይሊ ሓደ ባህሪ ጥራሕ'ዩ ዘለዎ። እንተደልዩ እንተዘይደልው ዝለዋወጥ ዘይኮነ፡ ደርባዊ ባህሪኡ ዝሃቦ ሓደ ፖለቲካዊ  ባህሪ'ዩ ዘለዎ። ስለዚ ህግደፍ ንህዝቡ ዝነፈጎ መሰል፡ ንህዝብታት ኢትዮጵያ፣ ሶማሊያ፣ ጅቡቲ፣ ሱዳናት፣ ኬንያ፣ ኡጋንዳ ክልግሰሎም ትጽቢት ኣይግበርን።

ህግደፍ ዞባዊ ውህደት ከይፍጥር ብቅሉዕን ብስውሩን ይጽይቕን የበላሹን 'ምበር ኣወንታዊ ስራሕ ኣይሰርሕን። ኣብ ምፍልላይ 'ምበር ኣብ ሓባራዊ ስራሕን ሓባራዊ ተጠቃምነትን ዝርባሕ ሓይሊ ኣይኮነን። ሰላም ክንገስ ህዝብታት ሩፍታ ክስመዮም፣ ቁጠባዊ ምዕባለ ክረጋገጽ ድኽነት ደሓን ኩን ክበሃል፣ ካብን ናብን ነጻ ኮይኖም ክንቀሳቐሱ ምስ ከምኡ ሰባት ክራኸቡ ሓበሬታ ክለዋወጡ ኣይደልን። ስለዚ ውሽጣዊ  ሃገራዊ ሰላም ዘዘረገ  ሓይሊ፡ ብሓባራውነት ስምዒት ተገዚኡ፡ ምስ ካልኦት ተላፊኑ፡ ዞባዊ ርግኣት ኣብ ምምጻኣ ኣወንታዊ ተራ ክጻወት ኢልካ ምሕሳብ ፖለቲካዊ የዋህነት'ዩ።

ሳልሳይ ክፋሉ ይቕጽል

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 06-08-2018